ናይ'ቲ ህፃን ናይ መጀመርያ/መወዳእታ ሽም፡- ________________________ ናይ'ቲ ህፃን ዕለት ልደት፡- ________________

## ናይ ሲያትል ፕሮግራም ቅድመ-ስሩዕ ትምህርት ፍቓድ ተሳትፎ

Department of Education and Early Learning (DEEL፣ መምርሒ መደበኛ ትምህርትን ቅድመ-ስሩዕ ትምህርትን) ንውላዶም ዝለዓለ ፅሬት ዘለዎም ኣገልግሎታትን ሓገዛትን ንምሃብ ካብ ቅድመ-ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ኣገልግሎት ወሃቢ ትካል ("the Provider") ብቐርበት ይሰርሕ። ኣብ'ቲ ፕሮግራም ንምስታፍ፣ ተሳተፍቲ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክስማዕምዑ ኣለዎም፡-

DEEL ምዝገባ ውላዶም፣ ናይ ትምህርቲ ምርመራን ኣብ'ቲ ቦታ ምርካብ ሓዊሱ፣ መንነት ዝገልፁ ናይ ተምሃራይ ሓበሬታት ስጡም ቁፅፅር ኣብ ዝግበረሉን ኣተኣማማኒ ብዝኾነ መኽዝን ሓበሬታ (database) የቐምጥ። ኣድላዪ ዝኾኑ ኣገልግሎታት ንምሃብን ተምሃሮ ናብ'ቲ ዲስትሪክት ናይ ኬ-12 (K-12) ፕሮግራማት ትምህርቲ ኣብ ዝሽጋገርሉ እዋን ቐፃልነት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ምእንቲ፤ መንነት ክገልፁ ዝኽእሉ ሓበሬታታት ኣብ DEEL፣ ኣብ ኣገልግሎት ኣቕራቢ ትካል፣ ኣብ Seattle School District No. 1 (the District፣ ናይ ሲያትል ናይ ህዝቢ ትምህርቲ ክልል ቁፅሪ 1)፣ ኣብ Public Health- Seattle & King County (PHSKC፣ ናይ ሲያትልን ኪንግ ካውንቲን ሓለዋ ጥዕና ህዝቢ)ን ኣብ Washington State Department of Children, Youth and Families (the State፣ ግዝኣት ዋሽንግተን መምርሒ ህፃናት፣ መንእሰያትን ስድራን) ማእኸል ክካፈሉ ይኽእሉ።

DEEL ጥዕና ውላዶም፣ ድሌታት ትምህርትን ዕብየትን ንምምላእ፣ ምስ ጥዕና ዝተትሓሓዙ ሓበሬታታት ስምምዕነት ውዕል እንተሃልይዎም ምስ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ውሕስነቱ ኣብ ምሕላው ኩነታት ክካፍል ይኽእል። ኣብ ከይዲ ምምሃር ውላዶም ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ንምፍላይ ምርመራታት ጥዕና (Screenings) ይካየዱ። ካብ PHSKC ብዝርከብ ስልጠናን ሓገዝን፣ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት ናይ ዓይንን እዝንን ምርመራታት ክካይዱ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፣ ናይ ውላዶም ከይዲ ዕብየት ንምግምጋም ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት ናይ Ages and Stages Questionnaires (ናይ ዕድመን ዕብየትን ብርኪታት መሕትት) ተግባራዊ ክገብሩ ይኽእሉ። መምህራን ካብ PHSKC ናይ ስርዓተ-ምግቢ በዓል ሞያ፣ ነርስ ወይ ድማ ምስ ናይ ጥዕና ኩነታት ኣማኻሪ ንክመኽሩ ምኽእልን ሓዊሱ ካልኦት ኣድለይቲ ሓገዛት ንተምሃሮ ንምሃብ ምእንቲ፤ ውፅኢታት ምርመራ ንኣገልግሎት ወሃቢ ትካል፣ ንPHSKCን ንDEEL ክካፈሉ ይኽእሉ። ንውላዶም ተወሳኺ ስጉምቲታት ንክወስዱ ዝምክር እንተኾይኑ፣ እቲ ኣገልግሎት ወሃቢ ትካል ውፅኢቱ ንባዕሎም የፍልጥ።

ናይ ህፃናት ናይ ክእለት ምርመራት መምህራን ዝሓሸ ናይ ምስትምሃር ሜላ ንክኽተሉ ንምሕጋዝ፣ ንትምህርቲ ፅሬት ምምሕያሽ ሓገዝ ንምሃብን ናይቲ ፕሮግራም ውፅኢታውነት ንምግምጋም ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ። መምህራን ናይ ውላዶም ኣካላዊ፣ ኣፍልጦ (Cognitive)፣ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕብየት ክከታተሉን ምልከታቶም ኣብ Teaching Strategies GOLD (TSG፣ ቲቺንግ ስትራቴጂስ ጎልድ) ናይ ኢንተርኔት ገምጋም መሳርሒ ክምዝግቡን ይኽእሉ። ናይ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላትን DEEL ምስቲ ስቴት ብሓባር ብዝጥቀሙ ኣካውንት ኣገባብ TSG ምርካብ ይኽእሉ፤ ከምኡ'ውን ናይ TSG ምርመራ ውፅኢታት ነቲ ዲስትሪክት ይካፈሉ።

ናይ DEEL ፕሮግራም ቅድመ-ስሩዕ ትምህርቲ ውላዶም ንኪንደርጋርተን (Kindergarten)ን ንቐፃሊ ናይ ትምህርቲ ዓወት ንምድላው ይፅዕሩ። ህፃናት ንትምህርቲ ክንደይ ዝኣክል ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ከም ዝተዳለዉ ንምምርማር DEEL ምስቲ' ዲስትሪክት ብምትሕብባር ይሰርሕ። ኣብ DEEL ፕሮግራማት ቅድመ-ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ዝተመዝገቡ ህፃናት ኣብቲ ዲስትሪክት ውሽጢ ኣብ ዝነብሮም ናይ K-12 ናይ ትምህርቲ ፃንሒት ናይ ስራሕ ኣፈፃፅምኦም ኣብ ምክትታል ናይቲ ፕሮግራም ናይ ነዊሕ እዋን ውፅኢታውነት ንምዕቃን ንኽክኣል፤ እቲ ዲስትሪክት ንህፃናቱ ናይ ተምሃራይ ታሴራ ቁፅሪታት የዳሉ። DEEL ናይ ዲስትሪክት ተምሃራይ ታሴራ ቁፅሪታት ንምድላው ዘድልዩ እኹል ሓበሬታታት ውሕስነቱ ብዝተሓለወ ናይ ፋይል መተሓላለፊ ኣገባብ ነቲ ዲስትሪክት ክቕርብ ይኽእል።

DEEL ንመምህራን ኣብ ምስትምሃር ብልሓቶም ብመረዳእታ ዝተሓገዘ ስልጠናን ገምጋማትን የቕርብ። ሓል ሓሊፉ መምህራን ቁፅፅር ኣብ ዝገብርሉ እዋን፣ ውላዶም ፎቶ ክለዓል ወይ ድማ ቪዲዮ ክቕረፅ ይኽእል። ናይ ዝኾነ ቐረፃ ቀንዲ ትኹረት ኣብቲ መምህር እንትኾን፣ እቶም ቐረፅቲ ምርኣይ ዝኽእሉ ናይ DEEL/SPP ሰራሕተኛታት ወይ ድማ ናይ ደገ ተዓዘብቲ (evaluators) ጥራሕ እዮም። ናይ ውላዶም ውልቃዊ ሓበሬታ ንምሕላው ክበሃል፣ ኩሎም ዝተቐረፁ ምስሊታ ብምስጢር ተትሒዞም ዝፀንሑ እንትኾን ኣብ ክልተ ሰሙናት ግዜ ውሽጢ ድማ ንክስረዙ ይግበር።*

Public Health (ቤት ፅዮ ሓለዋ ጥዕና ህዝቢ) ናይ ክፍሊ ውሽጢ ትምህርቲ ናይ ፅሬት ደረጃኦም ንክሕልው ሞያዊ ሓገዝን ዕላዊ መምርሒታትን ይህብ። ሓል ሓሊፉ ናይ Public Health ምልከታ ኣብዝገብረሉ እዋን፣ ናይ ውላዶም ፎቶ ወይ ድማ ቪዲዮ ክቕረፅ ይኽእል። ዝኾነ ዝተቐረፀ ምስሊ ቀንዲ ትኹረቱ ኣብቲ ክፍሊ ድባብ እንትኾን፣ እቲ ቅዳሕ ንምርኣይ ዝኽእሉ ናይ puplic health መማርኸቲ ጥራሕ እዮም። ናይ ውላዶም ውልቃዊ ሓበሬታ ንምሕላው ክበሃል፣ ኩሎም ዝተቐረፁ ምስሊታ ብምስጢር ተትሒዞም ዝፀንሑ እንትኾን ኣብ ክልተ ሰሙናት ግዜ ውሽጢ ድማ ንክስረዙ ይግበር።*

DEEL ናይ ስድራን ህፃናትን ሓበሬታ ኣብቲ ከተማ ናይ ውልቀ ሓበሬታ ደንቢታት ሓለዋ (City's Privacy Standards) መሰረት ብዝለዓለ ጥንቃቐ ይሕልው። ብሕጊ ዝድለ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት፣ ሓበሬታታት ንህዝቢ ዕላዊ ክኾኑ ይኽእሉ። DEEL ኣብ ፕሮግራማትና ውሽጢ ዝተመዝገቡ ህፃናት ወይ ድማ ናይ ስድርኦም/መዕበዪኦም መንነት ብቀጥታ ክገልፁ ዝኽእሉ ሓበሬታታት ኣሕሊፉ ኣይህብን። ንተወሳኺ ሓበሬታ በይዝኦም እቲ መግለፂ ውልቃውነት ይርኣዩ።

ብዛዕባ እቲ ዘለዎም ተሞክሮ ርኢቶኦም ንምሕታት DEEL ብቐጥታ ወይ ድማ ብትካል ወሃቢ ኣገልግሎት ወገን ከነጋግሮም ይኽእል።

## መግለፂ ውልቃውነት

ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል መመልከቲኦም ንምግምጋም እዩ። ንዕዖም ዝጠቕሙ ካልኦት ተወሳኺ ፕሮግራማት ንምፍላጥ ክበሃል፣ ምምሕዳር ከተማ Seattle ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣብቲ ከተማ ውሽጢ ንዝርከቡ ካልኦት ቤት ፅዮ ክካፍል ይኽእል። ንሶም ተጠቃሚ ኣብ ዝኾንሉ ተወሳኺ ፕሮግራማት ውሽጢ ንምምዝጋብ ፍቓዶም እንተሂቦም፣ ምምሕዳር ከተማ Seattle ምዝገብኦም ንምውጋን ክብል ሓበሬታኦም ንቤት ፅዮ ከተማ ክካፍል ይኽእል። ሕጊ እንተዘይኣገዲዱና፣ ሓበሬታኦም ንዝኾነ ይኹን ዓይነት ናይ ሕጊ ምኽባር ተግባር ኮነ ካሊእ ዕላማ እናፈለጥና ኣሕሊፍና ኣይንህብን። ንዝበለፀ ሓበሬታ፣ በይዝኦም ኣዋጅ መዝገባት ህዝቢ (Public Records Act - RCW Chapter 42.56) ይርኣዩ። መግለፂ ውልቃውነት ከተማ Seattle፣ ንሶም ዝህቡና ሓበሬታታት ከመይ ብሓላፍነት ከም እንሕዝ የብራህርህ።

*ናይ DEEL/ምምሕዳር ከተማ Seattle ኣብ Public Records Act (PRA፣ ኣዋጅ መዝገባት ህዝቢ) ዝመርሕ ቤት ፅዮ እዩ። ዋላ'ኳ ናይቲ ትካል ስሩዕ ኣሰራርሓ ሓበሬታ ብምስጢር ምሕላው እንተኾነ፣ ሕጋዊ ሓላፍነታት እንተጋጥሙ ግን ሓበሬታ ናይ ምሕላው ወይ ድማ ናይ ምክፋል ሓላፍነት ይዋፃእ። ኾይኑ ግን እቲ ቤት ፅዮ እቲ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት ናይ ውልቀ ሓበሬታታት ንክያካፍሉ ናይ ምክልኻል ወይ ድማ ተቓውሞ ናይ ምቕራብ መሰል ይጥቀም።

ናይ’ቲ ህፃን ናይ መጀመርያ/መወዳእታ ሽም:- ______________________ ናይ’ቲ ህፃን ዕለት ልደት:- ______________

## ኣማራፂ ፍቓዳት

ኣብዚ ፕሮግራም ቅድመ-ስሩዕ ትምህርቲ ውሽጢ ብምስታፍ፣ ወለዲ/ሕጋዊ መዕበይቲ ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቐሱ ነጥብታት ብምልኡ ምስምዕምዖም የረጋግፁ። እዞም ዝስዕቡ ኣማራፂታት ከም ድሌቶምም ዝምልኡ እዮም።

በይዝኦም ብዝስማዕምዕሎም ነጥብታት ኣብ ቅድሚት ዘሎ ሳንዱቕ ውሽጢ ምልክት (check) ይግበሩ።

- ☐ ገምጋም ፕሮግራም:- DEEL ናይ ክፍሊ ውሽጢ ፅሬት ትምህርቲ ኣብ ከይዲ ምምሃር ህፃናት ዘለዎ ፅዕንቶ ንምግምጋም ምስ ናይ ወፃኢ ገምገምቲ ውዕል ኣትዩ ክሰርሕ ይኽእል። ተመራመርቲ ወፃኢ ኣብ ናይ ህፃናት ቋንቋ፣ ንባብ፣ ሒሳብን ንምምሃር ኣብ ዝሕግዙ ፀባያት ዘትኮሩ ንህፃናት ምቹው ዝኾኑ ምርመራታት ከካይዱ ይኽእሉ። እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ምስራዝ ይኽእሉ። ንገምጋም ፕሮግራም ምእንቲ፣ ህፃነይ ብብርኪ ህፃናት ኣብ ዝዳለዉ ምርመራታት ንክሳተፍ ፍቓደይ ሂበ ኣለኹ።

- ☐ ሰነዳት መመዝገቢ ምክፋል:- ቅድመ-ስሩዕ ትምህርቲ ገዝኦም ወይ ድማ ትካል ወሃቢ ኣገልግሎት መሐብሐቢ ህፃናት ንጉዳያት ምምሕዳር ዝኾኑ ሰነዳት ንከቕርቡ ክጥይቑም ይኽእል። ንባዕሎም ምቾታ ምእንቲ፣ ንምምሕዳር ከተማ ዘእተውዎም ሰነዳት DEEL ንወሃቢ ኣገልግሎት ትካል ከካፍል ይኽእል። DEEL መረጋገፂ ዕድመ ውላደይ፣ ኣድራሻ ወይ ድማ ሰነዳት ኣታዊ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ንከካፍል ፍቓደይ ሂበ ኣለኹ።

- ☐ ፍቓድ ፎቶ/ቪዲዮ:- ፕሮግራማት ቅድመ-ስሩዕ ትምህርቲ እታ ከተማ ንምፍላጥ ከበሃል፣ ናይ ውላደይ ፎቶ ወይ ድማ ቪዲዮ ንክልዓልን ብዲጂታል፣ ብሕትመት ከምኡ’ውን ብምስሊ ኣብ መፋለጢታት ጥቕሚ ንክውዕል ፍቓደይ ይህብ (እዚ ፍቓድ ብዘላቕነት ዘገልግል እዩ)።

ምስ DEEL ብዛዕባ ዝግበር ርክብ:- ከይዲ እቲ ምዝገባ ኣብ ዝከናወነሉ ወቕቲ ከምኡ’ውን ሓል ሓሊፉ ምስ ምዝገባ ዝተትሓሓዙ ጉዳያት DEEL ክዘራርቦም ይኽእል። እቶም ካልኦት ጉዳያት ክረኽብዎም እንተደልዮም፣ በይዝኦም ኣብ ታሕቲ ካብ ዘለዉ ኣማራፂታት ውሽጢ ዝደልይዎ ይምረፁ።

- ☐ ኣብ DEEL ወይ ድማ ካልኦት ቤት ዕዮታት እታ ከተማ ኣብ ዝዳለዉ ቃለ መሕትታት ወይ ድማ ኣብ ፓነላት ሓገዝ ገንዘብ ምስታፍ እደሊ።
- ☐ ካብ Department of Education and Early Learning እዋናዊ ሓበሬታታት ብኢሜይል ምርካብ እደሊ።
- ☐ ንቃለ-መሕትት፣ ርኢቶ (Quotes) ንምሃብ ወይ ድማ ካልኦት እታዎታት ንምቕራብ ፍቓደኛ እየ።

ኣብ ላዕሊ ዝሃብዎም ዝኾኑ ፍቓዳት ኣብ ዝኾነ እዋን ንምስራዝ እንተደልዮም፣ በይዝኦም ንDEEL ኣብ preschool@seattle.gov ወይ ድማ ብፖስታ ኣድራሻና The Seattle Preschool Program, PO Box 94665, Seattle, WA 98124 ብፅሑፍ የፍልጡ። እዚ ፍቓድ ሓድሽ እዚ ዝተመሓየሸ ክሳብ ዝቐርብ ወይ ድማ ክሳብ 8/31/2027 ፀኒዑ ይፀንሕ፧ (ካብ ክልቲኡ ቐዲሙ ዝመፅእ ተግባራዊ ይኾን)።

## ፊርማ ወላዲ/ሕጋዊ መዕበዪ (ኣድላዪ)

ኣብ ታሕቲ ፊርማይ ብምዕራፍ ኣነ **1)** ውላደይ ኣብ DEEL ፕሮግራም ቅድመ-ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ንክሳተፍ ፍቓደይ እህብ፣ **2)** እቲ ናይ ውልቃውነት መግለፂ ምንባበይ የረጋግፅ፣ ከምኡ'ውን **3)** ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቐሰ መሰረት ሓበሬታ ንክካፈል ፍቓድ እህብ። ብቑዕ ምኽንያን ዘይምኽንያን ንምውሳን ዘድልዩ ሓበሬታታት ምሉእ ብምሉእ ዘይምሃብ ወይ ድማ ሰነዳት ሓሶት ምቕራብ ሓዊሱ፣ ዝኾነ ዝተዛብዐ ሓበሬታ ሂበ እንተተረኺቡ ካብ’ቲ ፕሮግራም ክስረዝ ከምዝኽእል ተረዲኡ ኣለኹ።

| | |
|---|---|
| ፊርማ ወላዲ/ሕጋዊ መዕበዪ:- | |
| ሽም ወላዲ/ሕጋዊ መዕበዪ (ብግልፂ ፅሑፍ):- | |
| ዕለት:- | |